# መበል 18 ዓመት ናጽነት ኤርትራ
## ኣብ ሽቱትጋርት ብዓቢ ፍስሃን ተድላን ተጸንቢሉ!

ኤርትራውያን ነበርቲ ሽቱትጋራትን ከባቢኡን መበል 18 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ብክብ ዝበለ ድምቐትን ዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን: ብሰንበት 24 ግንቦት 2009 ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ጸንቢሎም::
ኣብዚ ኣብ ትሕቲ „ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት“ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ ዝተኻየደ ጽንብል ናጽነት ልዕሊ 800 ዓበይትን ነኣሽቱን ኤርትራውያን ተሳቲፎም ነይሮም::

እቲ መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ብተማሃሮ ድሕሪ ምፍላሙ: ዓደየ ዓድየ ትብል ደርፍን: ጠራዕራዕ ብርሃን ብምስናይ: ሃገራዊ ባንደራ ብምንብልባልን: ብምዕሩግን ሕጉስን ሃዋሁ ንኽብርን ዝኽርን መበል 18 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ምቑር-ሕብስቲ ተቖሪሱ ሻምፕኛ ድማ ተኸፊቱ::

ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ኣቶ ዘራጽዮን ተስፋጽዮን ናይ ዮሃና መልእኽቱ ድሕሪ ምቕራብ: ኣቶ ዮሃንስ ደባስ ሓላፊ ቖንስላዊ ጉዳያት ኣብ ጀርመን ብስም ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ብኣጋጣሚ መበል 18 መዓልቲ ናጽነት ቓል ኣስሚዑ::

ኣቶ ዮሃንስ ደባስ ኣብ ዘስሞዖ ቃል: „ልዕሊ ምፍጣር ዝዓቢ ስለዘየለ! ሒዝናዮ ዘለና ቕንያት ነታ ርእሲ ኩለን ዕለታት ዝኾነት ልደት-ሓርነት ኤርትራ እንጽንብለሉ ዕዙዝ ቅንያት'ዩ:: ናብዛ ታሪኻዊት መዓልቲ ናጽነት ንምብጻሕ ናይ ዝተኻየደ ጉዕዞ መስፈሪ ግና ንውሓት ጥራይ ኣይኮነን:: ሕልኽላኻቱን ኣብዚ ግዜ'ዚ እንተላይ ነቶም ብሂውት ዘለዉ ሰራሕቱ'ውን ከይተረፈ እናሓደረ ዘስተንክር ምረቱን ዛጊት ከምቲ ዝግባእ ኣይተገልጸን ዘሎ“ ድሕሩ ምባል: „ኣብዚ መበል 18 ዓመት ጽንብል ናጽነትና እንብዕለሉ ዘለና እዋን: ንሕና እዞም ናጽነት ዘምጻእናን ነጻ ሃገር ዝተረከብናን ኣውረስትን ወረስትን ወለዶታት ኣብ እንግደዓና ተሰኪምናዮ ዘለና ሓላፍነት ቀሊል ከም ዘይኮነ ኣስሚሩሉ:: ኣብ መወዳእታ መደርኡ ድማ „ዝመጸ እንተመጸ: ዝተባህለ እንተተባህለ: ነቲ ኣብ ምስፋን ሰላም: ፍትሒ: ደሞክራስን ሕፍር ልኡላውነትን ንምንጋስ ኣብዛ ብብዙሕ መስዋእቲ ናጽነት ዘልበስናያ ሃገር: ማዕረ'ቲ ዝኸፈልናላ ዋጋ ዝዳረግ ነባሪ ሰላም: ፍትሕን ራህዋን ከነንግስ ኩሉ ዝከኣለና ክንጽዕርን: ደጊምና መብጸዓና ማሕላናን ክነሕድስ ይግበኣና“ ክብል ተላብዩ::

ብተማሃሮ ቓንቓ-ኣደ ዝቐረበ ሃገራዊ መዝሙርን: ብጉጅለ ባህሊ መንእሰያት ስንሰለት ዝቐረበ ባህላዊ ትልሂትን ዝተነበ ጥቕስታትን: ጉጅለ እምብልታ ዝተጻወትዎ ሰሓቢ ጋይላን: ኣብ ምምዕራግን ምድማቕን  እዚ ሰናይን ዝዓበየን ሃገራዊ ውራይና ዳግም ብቕዓቶም ኣመስኪሮም::

ብፍሉይ ድማ: ነዚ ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ከተማዕርግ ኣብ ኤርትራ ዝመጸት ጉጅለ ባህሊ ዋልታ ሃገራዊ ወኒ ዘለዓዕልን መሰጥትን ደርፍታት ብምቕራብ ወኒ-ምላሽ ከተጻውት ብምምስይ ኣብ ሙግሃርን ምዕዛዝን በዓል-ናጽነት ዓቢ ግደ ኣበርኪታ::

መበል 18 ጽንብል ናጽነት ኤርትራ: ብዓቢ ባህታን ብምሉእ-ርእሰምትእምማንን ተስፋን ፍናን ብምስናኽ ተዛዚሙ::

ማሕበረ-ኮም ሽቱትጋርትን ከባቢኡን